ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

# ብደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)

# ናብ ኮንፈረንስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ዘተ ዝቐረበ ርእይቶ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ተሳተፍቲ ኮንፈረንስ!

ዝኸበርኩም ኣዳለውትን ወደብትን ኮንፈረንስ!

ብቐዳምነት ናይ ሕውነትን ቃልስን ሰላምታና ነቕርብ።

ኣስዒብና ነዚ ኣገዳሲ ናይ ዘተ ኮንፈረንስ እዚ ንዝወደቡ ኣሕዋት ድማ ልባዊ ምስጋናና እናቕረብና፡ እዚ ናይ ዘተ ኮንፈረንስ እዚ፡ ንእነካይዶ ዘለና ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን መሪር ህዝባዊ ቃልሲ ኣብ ምሕያል ተራ ዝጻወት ሓባራዊ ርእይቶታት ብምቅርራብ ስኒት ዝመልአ ምርድዳእ፡ ጨቢጡ ብዓወት ክዛዘም ዘለና ሰናይ ትምኒት ክንገልጽ ንፈቱ።

ብምቕጻል ህልዊ ኩነታት ህዝብታትናን ሃገርናን ክንርኢ እንከለና፡ ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ዘይተኸወለ ግን ከኣ፡ ገና መግትኢ ዝኸውን ውሕስነት ዘይረኸበ ፡ ብሰንኪ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ህዝብታትና ብስእነት ሰላም፣ ደሞክራስን ፍትሕን፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ምግሃስ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፣ ሰሪሕካ ናይ ምንባር ነጻነት ዝፈጠሮ ስእነትን ድኽነትን ኩለ-መዳያዊ ተነጽሎን እናተሳቐዩ፡ ስደት ከም ግዝያዊ መፍትሒ ዝመርጽሉ፡ ናይ ስደት ሓደጋን ህልቂትን ብዘሰክሕን ዘስግእን መልክዑ ዝውቱር ዝኾነሉ፡ ኣብ ናይ ኩለ-መዳያዊ ስቅያትን ኣሰካፊ ኩነታትን'ዩም ዝርከቡ ዘለው ክበሃል ዝከኣል'ዩ። እዚ ኩለ-መዳያዊ ኣሉታዊ ኣሰካፊ ውድዕነት'ዚ ድማ፡ ብትሕዝቶኡን ኣንፈቱን ብጥንቃቐን ሓልፍነትን ክምዘን ከሎ፡ እቲ ገባቲ ጸረ-ህዝቢ፡ ጸረ-ደሞክራስን ሃገርን ዝኾነ መንግስቲ ህግደፍ ዝፍጽሞ ዘሎ ህዝብን ሃገርን ናይ ምብትታን ኣዕናዊ ተግባራት፡ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ዝበጽሓሉ ኩነታት ዓብሊሉ፡ ዋላ ኣይንድለዮ ሃገርና ኣብ መስርዕ ናይ ዝፈሸላ ሃገራት ትስረዓሉን ትግለጸሉን ኩነታት ክፍጠር ከም ዝኽእል ዘመላኽት ውድዕነት'ዩ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ዘሎ።

ስለ ዝኾነ ነዚ ምልክት ፍሽለት ናይ ህዝብን ሃገርን ናይ ምብትታን ሓደጋ እዚ ናይ ምግታእን ምውጋድን ሓላፍነትን ዕማምን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ተወዲቡ ዝቃለስ ዘሎ ይኹን ገና ዘይተወደበን ብሕጂ ክውደብ ዝኽእልን ክውደብ ዝግባእን ስለ ዝኾነ፡ ቅድሚ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ዝስራዕ ዋኒን ይኹን ዕላማ ናይ ውልቀ፡ ውድብን ማሕበራትን ወዘተ ክህሉ ስለዘይግባእ ተግባእቲ እዚ ናይ ዘተ ኮንፈረንስ፡ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ልዑል ትኹረት ሂቦም /ሂብና/ ሓላፍነት ተሰሚዑና ንሃገራውን ህዝባውን ሽግርና መፍትሒ ዝኾኑ ቅኑዓት ሓሳባት ከነፍስስን፡ ንኹሉ ሃገርን ህዝብን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ንምድሓን በብዓቕሙ ኣብ ምቅላስ ዝርከብ ዘሎ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሓባራዊ ሃገራዊ ጽላል ተጠርኒፉ ክቃለሰሉ ዘኽእል ሓሳባት ከብስልን ፣ንዝያዳ ምውህሃድ ቃልሲ ጸረ-ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ዝሕግዝ ሓሳባት ክንለዋወጥን ሓጋዚ ይመስለና።

ብካልእ ኣገላልጻ እዚ ናይ ዘተ ኮንፈረንስ'ዚ ከም መባእታዊ መበገሲ መድረኽ ኮይኑ ንዝሰፍሐን ዝለዓለን ናይ ተቓለስቲ ዘተን ውህደትን ክካየዱ ዝጽንሑን ዘለዉን ዘስፍሕን ዝሕግዝን መድረኽ ክኸውን ተስፋ ንገብር።

ጸረ-ህዝብን ሃገርን ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብቓልሲ ብምውጋድ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ቃልሲ፡ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብብቕዓትን ኣድማዕነትን ብምምካት ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኣብ ሓጺር ግዜ ክውን ንክይኸውን ካብ ዝዓግቱ ዘለው መሰረታውያን ጸገማት/ድኽመታት/ እንታይ እዮም ዝብል ሕቶ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ምርግጋጽ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ረቛሒ ብግቡእን ዕቱብን ክንመዝንን መፍትሒ ከነቕምጥን ኣገዳሲ'ዩ ዝኸውን። ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኣብ እነካይዶ ዘለና መስርሕ ቃልሲ ናብ ስሉጥን ዘተኣማምንን ዓወት ንኸይንበጽሕ ዓጊቶም ሒዘሙና ዘለዉ መሰረታውያን ጸገማት፡ ናይ መንግስቲ ህግደፍ /ጸላኢ/ ሓያልነትን ብቕዓትን ዘይኮነስ፡ ናይ ደምበ ተቓውሞና ድኽመታት /ጸገማት/ን ዘይውህደትን ተደጋጊፉን ተኣማሚኑን ዘይምቅላስን ምኻኑ ብዘየማትእ ክቕመጥ ዘለዎ ኣገዳሲ ነጥቢ'ዩ።

ደምበ-ተቓውሞና ካብ ፩፱፱ ክሳብ ሎሚ ብስፍሓቱ ብብዝሒ ውዳቤታቱን ተሳትፎ ማሕበራዊ /ሓይልታቱን/ ትሕዝቶታቱን መልክዕ ውዳቤታቱን እናሰፍሐ ከም ዝመጸ ብኡ መጠን፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ድሒኖም ናብ መስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክብጻሕን ተዛምዳዊ ሰላም ምርግጋጽ ክከኣል ክካይድ ዝጸንሐን ዝካየድ ዘሎን ቃልሲ ህልውን ኣገዳስን ምኻኑ፡ እሙን ናይ ቃልሲ ሓቂ'ዩ። ይኹን ደኣምበር ኣብ ውህደቱን ብቕዓቱን ኣድማዕነቱን ዝምልከት ክረአ /ክምዘን/ እንከሎ ግን ኣዝዩ ትሑትን ዘየድማዕን ብዝተፈላለዩ ድኽመታትን ጸገማትን ዝተቐየደን ዝብዳህን ስለ ዝኾነ፡ ንዝተበገስናሉ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ቅዱስ ዕላማታት ኣብ ምርግጋጽ ርኡያት ድኽመታት እናርኣየ ኣብ ዘየድማዒ ፖለቲካዊ ህይወት ኮይኑ፡ መሪር ህይወት እናሕለፈ ኣዝዩ ትሑት ናይ ቃልሲ ኣበርክቶ እናገበረ ክዋሳእ ጸኒሑን ኣሎን'ዩ። እዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞና /ተቓወምቲ ሓይልታትና/ ዝሰፈነ ብድኽመታትን ጸገማትን ዝግለጽ ወድዓዊ ጸገም'ዚ ከኣ፡ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኩለ-መድያዊ እኩይ ተግባራቱ እናካየዳ ህዝብን ሃገርን ናብ ናይ ውድቀትን ምብትታንን ሓደጋ እናደፍአ ዕምሪ ገበነኛ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ከናውሕ ዝሕግዞ ዘሎ ኣዝዩ መሪር ወድዓዊ ሓቂ'ዩ።

ናይ ተቓወምቲ ውድባትናን፡ ምንቅስቓሳትን ሰቪክ ማሕበራትን ድኽመታትን ጸገማትን እንታይ'ዩ መበገሲኡን ኣብ ዓውደ ተግባር መግለጺኡን ብቑም-ነገሩ ብሓላፍነታዊ ዓይኒ ምርኣይ ፡ ድኽመታትና ኣብ ምውጋድን ህዝባዊ ቃልስና ውህደትን ምትእምማንን ፈጢሩ ብኣድማዕነት ክምርሽን ናብ ድርኩኹት /ኣፍደገ/ ዓወት ክበጽሕን ስለ ዝሕግዝ መንቀሊኡን መፍትሒኡን ዝኸውን ሓሳባት ምቕማጥ ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ምድህሳሱ ኣድላይን ጠቓምን'ዩ ዝኸውን። ስለ ዝኾነ ገለ ካብ'ቶም ንተቓዋሚ ሓይሊ ደምበ ተቓውሞና ክደክምን ክጽገምን ዝገብሩ ረቛሒታት ኮይኖም ካብ ዝራእዩና ገለ ንምጥቃስ ዝኣክል፣

1, ናይ ትምክሕትን ጽበትን ዘይሓገዝቲ ኣረኣእያታት ዝፈጥርዎም ጸገማት፡-

ሀ. ትምክሕታዊ ኣረኣእያን ኣገንዝቦን ኣብ ደምበ ተቓውሞና ህልዊ ኮይኑ ደረጃታቱ ዝፈላለ ይኹን ዳኣምበር ብገዛኢ መልክዑ ብደረጃ ባእታታት፡ ውድባት፡ ምንቅስቓሳት ንነብሶምን ንስረሖምን ከም ብሕታዊ ብሉጽን ብቑዕን ጌሮም

ብምርኣይ ንናይ ካልኦት ኣረኣእያን እምነትን ስራሕን ተሳትፎን ድማ ኣትሒትካ ናይ ምርኣይን ክሳብ ብናትካ ኣረኣእያን ስራሕን ተገዛኢ ኮይኑ ክነጥፍ ብምድላይ ዝዝውተር ናይ ንዕቀትን ምንጽጻግን ፡ ኣብ ሃገራውን ህዝባውን ቃልሲ ንናይ ካልኦት ርእይቶን ተሳትፎን ብግቡእ ዘይምቕባልን ክሳብ ብኣሉታ ምግላጽን ምንጻግን ዝበጽሕ ግጉይ ናይ ትዕቢትን ትምክሕትን ኣተሓሳስባ ዝወለዶ ዓንቃፊ ስነ-ምግባር ኣብ መስርሕ ህዝባዊ ቃልስና ዝውቱርን ህያውን ብምዃኑ፡ ኣብ ሕቶ ሓድነትን ሕቶ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ኣብ ምዕባይ ዘዐንቅፉ ቀዳማይ ግናዕ /እጃም/ ናይ ጸገማትናን ድኽመታትናን ዝሕዝ ምዃኑ ኣነጺርካ ምቕማጡ ኣገዳሲ ይመስለና።

ለ. ጸቢብ ኣተሓሳስባ ድማ ብወገኑ፡ ብቐዳማይ ጠንቂ ዝፍጠርን ዝስራዕን'ኳ እንተዘይኮነ፡ ብሳዕቤን ትምክሕትን ትምክሕታዊ ኣተሓሳስባን ስነ-ምግባርን ዝፍጠርን ዝንጸበረቕን ኮይኑ፡ንትምክሕታዊ ኣተሓሳስባ ካብኡ ዝብገስ ኣሉታዊ ስነ-ምግባርን ኣብ ምምካትን ምእራምን ንነገራት ኣብ ክንዲ ብወድዓውን ፍትሓውን ዓይኒን ሚዛንን ዝርኢ፡ ብኣንጻሩ ብጸቢብ ፈታውን ጸላእን ኣወንታውን ኣሉታውን ነገራት ብዘይፈሊ ኣገባብ ናብ ፍጹም ተነጽሎ ብምቕናዕ ሽግራት ኣብ ምልላይን ቅኑዕ መፍትሒ ኣብ ምቕራብን ዘይሓጋዚ /ኣሉታዊ/ ተራ ኣብ ምጽዋት ምውሳእ ህልዊ ምዃኑን፣

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጥቐሱ ዝምባሌታትን ሰጢምካ ዘይምስራሕን ዝፈጥሮ ድኽመታትን ጸገማትን ኣብ ዝወደቡ /ዝፍጠሩ/ ውድባት ዝምስረቱ ሰፋሕቲ ግባራትን ብወሳኒ መልክዑ ህያውን ቀጽልትን ብምዃኖም ኣብ ብዙሓት ውድባት ስኒትን ሓድነትን እናመንመነ ውድባት እናሻዕ ንምፍንጫልን ዓቕሚታተን ምድቓቕን እናተሳጠሓ ቀጻሊ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወቱ ዘለው'ዮም።

2. <u>ፍሉይ ዕላማን እምነት ከይሓዝካ ውድብ /ምንቅስቓስ፡ማሕበር/ ምምስራትን ተነጻጺልካ ክትቃለስ ምምራጽን፡</u>

እዚ ከም'ዚ ዓይነት ምርጫ ናይ ቃልሲ'ዚ ኣብ ዘይመሰረታዊ ነጥብን መበገስን ትኹረት ብምግባር ዝዝውተር ናይ ቃልሲ መማረጺ ስለዝኾነ፡ ናይ ምውዳብ ነጻነት መሰል ናይ ዝኾነ ኣካል ክኸበር ዘለዎ 'ኳ እንተኾነ፡ ፍልልይ ኣብ ዘይብሉ ዕላማን ውድባን መልክዕ ውደባን ብምዕሳል ክትቃለስ ምምራጽ ግን ንዓቕሚ ተቓላሳይ /ተቓዋማይ/ ክፍሊ ሕብረ-ተሰብና ኣብ ምድኻም ኣሉታዊ ተራ ካብ ምጽዋት ሓሊፉ ህዝብታትና ናይ ውድባት ንጹርነት ዕላማታትን መማረጽን ኣነጺሩ ብምልላይ ኣብ ህዝባዊ ቃልሱ ምስ ዝዓግበለንን ዝመረጻንን ኣካላት ተወዲቡ ንምቅላስ ንከይውስን ኣብ ርእሲ እቲ ሓፈሻዊ ድኽመታት ናይ ተቓወምቲ ውድባትና ተወሳኺ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት ዘሎ ፖለቲካዊ ተርእዮ'ዩ።

3.<u>ዘወድዓውን ዘይእዋናውን ሕቶ ፖለቲካዊ ስልጣን ምቁማትን ንምጭባጡ ዝግበር ዘይቅቡል ንጥፈታትን ዝፈጥሮ ጸገማትን ዕንቅፋታትን፣</u>

እዚ ኣጸጋምን ዓንቃፍን ተርእዮ'ዚጉዳይ'ዚ፡ ህልዊ መስርሕ ህዝባዊ ቃልስና በቶም ንኹሉ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዝቃለሱ ዘሰማምዑ እዋናውያን ነጥብታት ተመስሪትና እንቃለሰሉ መድረኽ ምዃኑ ንነኒ ብምግዳፍ፡ ነቲ ብሓባር ዝተወሰነ መደባት ኣብ ተግባር ንምውዓል ብስምምዕ ተመዚዞም ዝሰርሕሉ ናይ ሓላፍነት ቦታ ከም ስልጣን ናይ ጠቕሚ መርከቢ ተጌሩ ብምርኣይ ግጉይ ትርጉም ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ብምሃብ ዝረአ ኣሉታዊ ናይ ስልጣን ፍሕፍሕ /ምንሕናሕ/ ሓደ ካብ'ቶም ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ ዝመስረቱ ዝተፈላለዩ ግንባራት ድማ ብፍላይ ናይ ዘይምትእምማን ፖለቲካዊ መንፈስ እናፈጠረ ሓባራዊ ቃልሲ ብዘየሎን ዘይእዋኑን ናይ ስልጣን ኣጀንዳ እናተላዕለ ውህደትን

ምትእምማንን ናይ ተቓለስቲ ሓያልታት ከይምዕብልን ኣብ ቃልሲ ንከይጽመድን እዚ ህርፋን ናይ ስልጣን ዝፈጥሮ ዘሎ ጸገማት ንተቓላሳይ ዓቕሚታትና ኣብ ምርሕሓቕ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሉታዊ ኣስተዋጽኦ ዝገብር ዘሎ ዘይነዓቕ ተርእዮ'ዩ።

4.ኣብ ድኽመታት ህሉዋት ተቓወምቲ ውድባት ተመስሪትካ /ተበሊጽካ/ ናይ ምንጽጻግን ስግረትን ፖ/ዊ መንፈስ ተሓንጊጥካ ሰዓራይ ኬንካ ክትወጽእ ምፍታን፣

ፍሉይን ዝተነጸረን ፖለቲካዊ ዕላማ ከይሓዝካ፡ ንነብስኻ ከም መተካእታ ብምቕራብ ቅድሜኻ ኣብ ቃልሲ ዝጸንሑን ዝቃለሱ ዘለዉን ተቓወምቲ ሓይልታት ድኽመታት ብወድዓውን ሓላፍነታውን ኣገባብ ከይገምገምካን ዝጭበጥ ሚዛን ከየንበርካን  ናይ ህዝብታትና ድሌት ናይ ቃልሲ ብምምዝማዝ ንካለኦት ሰጊርካ ዓወት ክትጭብጥ ምሕላንን ንምርግጋጹ ክፍተን ዝጸንሐን ገና መሊኡ ዘይተረፈን ዘይሓላፍነታዊ ኣካይዳ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት ዘሎ ተርእዮ ኣዩ።እዚ ከምዚ ዓይነት ፈተነ ካኣ ንምራልን ናይ ቃልሲ ንጥፈታትን ናይ ህዝብታትናን ተቓወምቲ ሓይልታቶምን ይትንክፍ ብምህላዉ ኣብ ደምበ-ተቓውሞና ድኽመታትን ጸገማትን ኣብ ምፍጣር ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት ዘሎ ረቛሒ እዩ።

5.ንመትከላትን ዕማማትን ናይ ስሙር ሃገራዊ ግንባር እሙንን ምእዙዝን ኰንካ ምቅላስ ዘይምብቃዕ፣

እዚ ተርእዮ'ዚ ዝፈጥሮ ዘሎ ጸገማት ኣብ ክንዲ  መትከላት ስሙር ሃገራዊ ግንባር ዘፍቅዶን ተሰማሚዕካ ዘጽደቕካዮ መደባትን ዕማማትን ግንባራዊ መምርሒ ተኸቲልካን ኣኽቢርካን ኣብ ግብሪ ንምውዓል ተጊህካን ተመእዚዝካን ምቅላስ ብኣንጻሩ ካብቶም ዝፈላልይኻ መሰረታውያን እምነታት እናኣቛሰኻ /እናሓንፈጽካ/ ፍሉይ እምነትካ ከተተግብር ምፍታን፡ሰጢምካን ተደጋጊፍካን ናይ ምስራሕ ደሞክራስያዊ ባህሊ ከተጥሪ ዘይምኽኣል፡ ኣብ ናይ ሓባር ስራሕ ተጕላባነት፡ ምቅጻጽን ምርጣጥን ወ.ዘ.ተ.ዝኣመሰሉ ህያው ስለዝኾኑ ኣብ ዝምድና ተቓለስቲ ሓይልታትና ብቐሊሉ ዘይረአ ድኽመታትን  ጸገማትን ዝፈጠር ዘሎ ተርእዮ እዩ።

6. ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪክ-ማሕበራትን ክህሉ ዝግበኦ ናይ ቃልሲ ዝምድና ብከምቲ  ዝድለ ክምዕብል ዘይምኽኣሉ፣

ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ውድባትናን ስቪክ-ማሕበራትናን ክህሉ ዝግበኦ ኣብ ሕድሕድ ምቅብባልን ምትእምማንን ምድግጋፍን ዝተሰረተ ናይ ቃልሲ ዝምድና ክምዕብል ዘይምኽኣሉ፡ ኣብ ሓደ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ጽላል ዓሲሎም ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ መ/ህግደፍ ክቃለሱ ምጅማሮም ኣገዳስን ክተባባዕ ዝግበኦ ናይ ቃልሲ ጃማሮ'እኳ እንተኾነ ኣብ ሕድሕዶም ልዑል ምቅብባልን  ፈጢሮም ኣብ ምቅላስ ዘጸግምዎም ናይ ኣተሓሳስባ ረቛሒታት ህልዋት እዮም።

ንኣብነት ኣብ  ገለ ገለ ፖለቲካዊ ውድባት ኣብ ልዕሊ ተራን ተሳትፎን ናይ ስቪክ ማሕበራት ወድዓውን እዋናውን ሚዛን ብምሓዝ ኣብ ክንዲ ስቪክ ማሕበራት ምስ ጭቡጥ ስረሖምን ኣተሃላለውኦምን ዘሳኒ /ዝተዛመደ/ ኣገባብ ብዝዓቕሞም ኣብቲ ብሓባር ዘቖምዎ ግንባር ኣብ ምውሳንን ምምራሕን ተረኦም ክጻወቱ ከም ዝኽእሉን ከም ዘለዎምን ዝሪኡ፡ ብኣንጻሩ"ስቪክ ማሕበራት ፖለቲካዊ ፕሮግራም ስለ ዘይብለን ደገፍትን ደረኽትን ናይ ፖለቲካዊ ውድባት ኮይነን ጥራሕ እየን ክቃለሳ ዝግባእ'ምበር ፖለቲካዊ ስልጣን ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ደረጃ ክሓታን ክሳተፈፋን የብለንን" ዝብል ብህልዊ ክውንነት ህዝባዊ ቃልስና ስቪክ ማህበራት ምስ ኣተሃላልአን ዝሰማማዕ ዝምእዘዝን ሜላ ብምጥቃም ዋላ ብዝተሓተ ደረጃ'ውን ይኹን ካብ ስቪክ ማሕበራት ክብርክት ዝግበኦ ናይ ቃልሲ ኣበርክቶ በዚ ደረጃ'ዚ ቅቡል ዘይገብር ኣረኣእያ ብሓደ ገጽ ህልዊ እዩ።

በቲ ካልእ ገጽ ድማ ኣብ ገለ ክፋል ኣካላት ናይ ስቪክ ማሕበራት ንጭቡጥ ኣተሃላልወኦምን፡ ካብኡ ብምብጋስ ከበርክትዎ ዝኽእሉ ናይ ምምራሕ ኣስተዋጾ ብግቡእ ከይረኣዩን ከይመዘኑን "ንሕና ኣባላት ስቪክ ማሕበራት ካብ ህዝቢ ዝወጸእና ወኪል ናይ ህዝቢ ስለ ዝኾናን ናይ ፖለቲካዊ ሓላፍነት ቦታ ልዕሊ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝበዝሐ ክዋሃበና ኣለዎ" ዝብል ክሳብ" ፖ/ዊ ውድባት ዝደኸማን ዝፈሸላን ስለ ዝኾና ናይ ስቪክ ማሕበራት ናይ ምምራሕ ቦታ ዝበዝሐን ዝዓዘዘን ክኸውን ኣለዎ" ግጉይን ዝተጋነነ ርእይቶ ብምሓዝ ገለ ገለ ኣብ ምንጣፍ ስለ ዝርከቡ እዞም ርእይቶታት እዚኦቶም ተደሚሮም፡ ኣብ ስኒትን ምትእምማንን ናይ ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪክ-ማሕበራት ኣሉታዊ ተረኦም ህልዊ ስለ ዝኾነ እዚ'ውን ኣካልን ኣምሳልን ናይቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘንጸባርቕ ዘሎ ጸገማትን ድኽመታትን ተገይሩ ክውሰድ ዝካኣልን ወድዓውን ሚዛናውን ኣገንዝቦ ብምጥራይ ብልዙብ ቃልሲ ክፍታሕ ዘለዎ ውድዓዊ ጸገም እዩ።

7. ደምበ ተቓውሞና /ሰውራና/ ኣብ ቃልሲ ልዑል ተራን ናይ ምድራኽ ብቕዓትን ዝጸወቱ ኣገደስቲ ሕብረተ-ሰብኣዊ ክፍልታት ብምሕቛፍ ብከምቲ ዝድለ ክዋስኡን ክጥቀመሎምን ዘይምኽኣሉ ዝፍጠር ዘሎ ድኽመታት፣

ሀ. ፍርቂ ኣካል ሕ/ሰብና ዝኾና ውጹዓት ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ ናይ ገዛእ ርእሰን ሓያል ውደባ ብምፍጣር ኣብዚ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ብምውሓስ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልስና ካብኣተን ዝጥለብ ልዑልን ደራኽን ተራ ክጻወታሉ ዝኽእላ ኩነታትን ተሳትፎ ናይ ቃልስን ብዘይ ምህላዉን፡ ናብዚ ደረጃ'ዚ ክበጽሓ ዝሕግዝ ሓገዝን ምትብባዕን ናይ ተቓወቲ ውድባት ስቪክ-ማሕበራትን 'ውን ኣዝዩ ትሑትን ዝበኾረን ብምኻኑ፣

ለ. ልዑል ተሳትፎ ናይ መንእሰያት ኣብ ቃልሲ ብምርግጋጽ ካብ መንእሰያት ዝጥለብ ደራኽን ወራሲ ናይ ቃልስን ብከምቲ ዝድለ ብውዱብ መልክዑ ስለ ዘይተኻእለን ዘይተበቕዐን፡ ናይ መንእሰይ ተሳትፎን ተራን ክዓብየሉ ዘኽእሎ ፖለትካዊ ኣፍልጦን ተሞክሮን ካብ ተቓወምቲ ውድባትና ኣገደስቲ ትምህርትን ሓገዝን ምብርካት ኣዝዩ ትሑትን ዳርጋ ዝበኾረን ስለ ዝኾነ፣ መንእሰያትና ካብ ዘለዎም ጭቡጥ ዓቕምን ናይ ምቅላስ ድሌቶምን ተበጊሶም ክፍትንዎም ዝጸንሑ ተወዲብካ ናይ ምቅላስ ፈተነታት ብሰንኪ ወድዓውን በዓል-ቤታውን ጸገማት ተበጊሶም ክደኽሙን ክብተኑን እናኾኑ ካብ መንእሰያትና ትጽቢት ዝግበር ናይ ቃልሲ እጃም እናተዓናቐፈ ክበኩርን፡ ህልዊ ተራን ተሳትፎን ክንእስን ትሕቲ ግምት ክኸውንን ዝገብር ወድዕነት ዝነገሰሉ ኩነታት ስለ እንርከብ እዚ ተርእዮ'ዚ እውን ኣብ ደምበ ተቓውሞና ዘይናዓቕ ድኽመታትን ጸገማትን ክኸሰቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት ዘሎ ብቐሊሉ ዘይረአ ብኩራት'ዩ።ዋላ እኳ ኣብ መንእሰያት'ውን ብሰንኪ እቲ ዝመጽሉ ድሕረ ባይታ ናይ ስርዓት ህግደፍ ጸረ ደሞክራስያዊ ብልሽዊ ኣሰራርሓ ዝገደፈሎም በሰላ ገለገለ ነቲ ቅኑዕ ሓሳባት'ውን ኣብ ምቕባል ዝጽገሙሉ ወድዕነት ህልዊ ምኧኑ፡ በዚ ካኣ ብዙሓት ካብኣቶም ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ከድህቡ ዝደፋፍእ ኣታሓሳስባታትን ጸገማትን ህያው ምህላዉ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ምሕጋዞም ኣድላዪ እዩ ዝኸውን።

ሐ. ናይ ኤርትራውያን ምሁራት ተሳትፎ ኣብ ቃልስን ኣበርክተኦምን ብከምቲ ካብኣቶም ዝጥለብ ልዑል ዘይምኻኑን ምንኣሱን ፡ መብዛሕታኡ ኤርትራዊ ምሁር ክባሃል ዝካኣል ኣብ ክንዲ ሓላፍነቱ ኣብ ሕብረት-ሰብን ህዝባዊ ቃልስን ዝለዓለ ምኧኑ ፈሊጡ፡ ግቡኣዊ ተርኡ ዝፍጽም ብኣንጻሩ ገሊኡ ካብቲ ቃልሲ ገሊሉ ኣብ ናይ ትዕዝብቲ መድረኽ ትርኢት ዝርከብ ብምኧኑ ተሳትፎን ኣበርክቶን ናይ ምሁራት ኣብ ደምበ ተቓውሞና ክስሑን ክውሕድን ዝገብር ኩነታት

ዓብሊሉ ስለ ዘሎ’ውን እዚ ብኩራት’ዚ ኣብ ሰውራና ድኽመታትን ብኩራትን ክህልዉ ዝጻወቶ ዘይሓጋዚ ግደ ቀሊል ኣይኮነን።ምኽንያቱ ኤርትራዊ ምሁር ከም ዝኾነ ምሁር ፍልጠት ዝደለበን፡ ፍልጠት ናይ ምምሕልላፍን ምትግባርን ተኽእሎን ተሞክሮን ዝወነነ’ውን ስለ ዝኾነ፡ ናይ ምሁር ብኩራት ኣብ ህዝባዊ ቃልስና ብቐሊሉ ዘይረአን ዘይግመትን ብኩራትን ድኽመትን ናይ ህዝባዊ ቃልስና እዩ።

ጥቕልል ብዝበለ ናይዞም ዝተጠቕሱ ደረኽቲ ሕብረተ-ሰብኣዊ ክፍልታትና ዝረኣዩ ዘለዉ ብኩራትን ምትሓት ተሳትፎን ተደሚሩ ካብቶም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝኣረኣዩ ዘለዉ ድኽመታትን ጸገማትን ዝዓበዩ ስለዝኾኑ ተቓወምቲ ሓይልታትና ተራን ተሳትፎን ናይዞም ኣገደስቲ ማሕበራዊ ሓይልታት እዚኣቶም ኣብ ቃልስና ምርግጋጽ ክካኣል ልዑል ትኹረት ሂቦም ክቃለሱ እዩ ዝጥለብ ዘሎ።

እዞም ዝተጠቕሱን ካለኦት ዘይተጠቕሱን ነጥብታት ገለ ብጠንቅነት ገለ ድማ ብሳዕቤንነት ዝግለጹ ተደሚሮም ደምበ ተቓውሞና ብሰንኮም ተሓሊኹ ናይ ቃልሲ ግብኡ ብብቕዓትን ስሉጥን ከካይድ ዘየኽእልዎ ወድዓውያን ጸገማት ምዃኖም ዘይካሓድ ሓቂ እዩ።ስለ ዝኾነ ተቓዋሚ ሓይልና ካብዞም ወድዓውያን ጸገማት እዚኣቶም ተናጊፉ ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን መንግስቲ ህግደፍ ብዝሰመረ ቀላጽሙ ብምውጋድ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ብምድሓን ኣፍደገ ደሞክራስያዊ ለውጢ ከርሑን ክጭብጥን ንክበቅዕ እዞም ዝተጥቕሱን ዘይተጠቕሱን ሓለኽቲ ተርእዮታት እዚኣቶም ብሓላፍነትን ጽሞናን ክንግምግሞምን፡ መፍትሒ ዝኾኑ ሓሳባት ንምቕማጥ ብክፉት ልቢ ክንላዘብ ዝግባኣና እዩ።

ኣብ መወዳእታ ብእምነት ውድብና፣ነዞም ጸገማት እዚኣቶም ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ገለ ካብቶም መፍትሒ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ዝርእዮም፣

1. ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ዘተ ከም ባህሊ ክይተሓዝን ክይዕምብብን ይኹን ሕቶ ሓድነትን ሕቶ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ምርግጋጽን በኣታሓሳስባ ይኹን ብተግባር ክይጉልብቱ ካብ ዝዐንቅፉ ትምክሕትን ጽበትን ድሑር ወገናውን ሃይማኖታውን ኣውራጃውን ኣራኣእያታትን ኣሰራርሓታትን ብምዃኖም እዞም ዓንቀፍቲ ኣታሓሳስባታት እዚኣቶም ክመሓየሹን ክውገዱን ዘይተቐጠበ ቀጻሊ ደሞክራስያዊ ቃልስታት ምክያድ የድሊ።

2. ሕቶ ሓድነትን ሕቶ ፖለቲካዊ ደሞክራስን ሓደ ካብቲ ሓደ ነጻጺልካ ዘይከዱን ዘይሰርሑን ምዃኖም፡ ሓድነት ብቕዳምነት ናይ ኣታሓሳስባ ዳምበር ኣካላዊ ምትሕንፋጽ ከም ዘይኮነ ምግንዛብ የድሊ።ካብ መትከላዊ እምነታት ወጻኢ ንግዝያዊ ረብሓታት ወይ ንፕሮፖጋንዳዊ ሃልኪ ዝግበር ሓድነት ዘላቒ ከም ዘይኮነ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ዝበታተንን ዝፈናጨልን ምኻኑ ካብዚ ሕሉፍን ህልውን ተሞክሮ እዚ ቀሲምና ሓድነት ኣብ መትከል ዝተሰረተ ክኸውን ምጽዓር።

3. ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ሓደ ካብ ዘይውህደቱን ተጠርኒፉ ዘይምቕላሱን ኣብ ነንሕድሕዱ ዘይምትእምማንን ምጥርጣራትን ፊተ-ፍርዲ ምሃብን ግጉይ ኣገንዝቦታትን ሕሉፍ ኣሉታዊ ተሞክሮታት ዝገደፎ ኣሉታዊ በሰላታትን መሊኡ ዘይተሓከ ብምዃኑ እዚ ኣብ ዓውዲ ተግባር ብዝተሓተ ደረጃ ወይ መደብ ዕዮ ሓቢርካ ኣብ ትቃለሰሉ ምትእምማን ዝፍጠር ምዃኑ ኣብ ግንዛበ ተኣትዩ ብውሕዱ ኣብ ዝሰማምዑኻ ምልዛብን ተቐራሪብካ ምስራሕን የድሊ።

4. እዋናዊ ተባራዒ ሕቶ ናይ ህዝብና ሕቶ ሰላምን ደሞክራሲ ናይ ምርግጋጽን ኮይኑ፡ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ሕቶ ህጹጽ ይጽናሓለይ ዘይባሃል ናይ ኩሉ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለስ ሃገራዊ ግቡእ ኮይኑ ብዝተሓተ መደብ-ዕዮ ክጠራነፍን ስርዓት ህግደፍ መሊኡ ክውግድን መሰረታዊ ለውጢ ከረጋግጽን ወሳኒ እዩ ንብል።

5. ክሳብ ሕጂ ተመስሪቶም ዘለዉ ሰፋሕቲ ሃገራዊ ግንባራትና ምስቲ ኩሉ ዘጋጥሞም ወድዓውን ባዕላውን ጸገማት ኣብ ሕቶ ሓድነት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት እዮም። ስለ ዝኾነ ካኣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ /ኤ.ሃ.ባ.ደ.ለ./ ናይ ዝበዝሑ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ስቪክ-ማሕበረ-ሰባትን ሰፊሕ ጽላል ኮይኑ፡ ጸገማቱ ኣብ ምፍታሕ ዝኸዶም ዘሎ መስርሓት ዝተባብዑ ኮይኖም ናብ ካላኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ክሰጋገር ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ። ኣብ ክሊ'ዚ ጽላል'ዚ ዘሎ ይኹን ዘየሎ ናይ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዓቕምታት ናብ ሓደ ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ብመንገዲ ካላኣይ ጉባኤኡ ኣቢሉ ዝሰጋገረሉ መስርሕ እንተዝረአን ኩሉ ተርኡ እንተዝጻወትን  ዓቢ ኣበትርክቶ ምሃለዎ ንብል።

6.ኣብ ክሊ ሓደ ናይ ሓባር ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ምጥርናፋት ዝረጋገጽ ኣብ ዘሎ መስርሕ ግን ኩሉ ንደሞክራያስዊ ለውጢ ዝቃለስ ዝተወበ ይኹን ዘይተወደ ሓይሊ ኣብ ክሊ ጸረ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ዝካየድ ቃልሲ በብዝዓቕሙን ከባቢኡን ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታትን ሲምፖዚዮማትን ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታትን ምንቅስቓሳትን ተወሃሂድካ ብሓባር ምስራሕ ኣድላዪ ምኺኑ ንርኢ።

7. ደሞክራስያዊ ቃልስና ጎልቢቱ ኣብ ዓወት ክበጽሕ ተራ መንእሰያትን ደቂ-ኣነስዮን ምሁራንን ክዓቢ ልዑል ቃልስታት ምክያድ ዝሓተና ምኺኑ ተገንዚብና ተረኦም ንምዕዛዝ ክንቃለስ ኣለና ንብል።

8. ነፍስ-ወከፍ ፖለቲካዊ ሓይሊ ካብ ዘይሃናጺ ውድድራትን ምንጽጻግን ድሒኑ፡ ተኸባቢርካን ተሓጋጊዝካን ናይ ምቅላስ ባህሊ ክጉልብት ጻዕርታትና ክብ ክብል የድሊ፣ብቕሉዕ ይኹን ብስቱር ዝካየድ ሕድሕዳዊ ተጻብኦታት ዘይምክያድ።

ኣብ መደምደምታ፡ ሓሳባትና ከነቕርብ ዝተዋህበና ዕድል ደጊምና እናመስገና ዝካየድ ዘሎ ኮንፈረንስ ብዓወት ክዛዘም ዘለና ሰናይ ምንዮት ንገልጽ፡፡

ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልስታት ህዝብታት ኤርትራ!!

ውድቀት ንጸረ ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!!

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡**

**(ደግሓኤ)**

**22/10/2014**